# ሪፖርታጅ ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን 2019

ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን ዓርቢ ዕለት 12 ሓምለ 2019 " ጽንዓት ብጽንዓት ፡ ንልምዓት " ኣብ ትሕቲ ዝብል እዋናዊ ዛዕባ : ኣብ ከተማ ጊሰን : ላዕለዋይ ወኪል መንግስቲ ኤርትራ :ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ክቡር ኣቶ ሓጎስ ገብርሂወት ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱን ፡ ካልኦት ሓለፍቲ ሃገራዊ ሽማግለን ግንባርን ምሸናትን ውዳቤታትን ዝተረኽብሉ : ኣብ'ቲ ዉዕውዕ ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ጽምብል ፥ ብክቡር ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ሪቦን ብሙቕራጽን ፡ ብሓፋሽ ህዝብን መንእሰያትን ቆልዑን ብዕልልታን ጨብጨባን ዕምበባን : ኣብቲ ግሩምን፡ ታሪኻዊን ቃልስናን ባህላዊ ምስልናን ዝገልጽ ጭርሖታትን ባንዴራታትን ዝወቀበ ኣዳራሽ ፈስትቫል (ኣዳራሽ ስሕል) ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን 2019 ብወግዒ ተኸፍተ።

ቀጺሉ ወግዓዊ ቃል ኣወሃሃዲት ሽማግለ ፈስቲቫል ብኣቦ/መንበር ሽማግለ ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን ፡ ኣቶ ሓድሽ ጎይትኦም ፍሉይ ተልእኮን ሓላፍነትን ፈስትቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን ዝገልጽ መደረ ድሕሪ ምቕራቡ፡ ንኹሎም ነዚ በዓል ንምዕዋቱ ዝጻዓሩን ጌና ኣብ ንጥፈታት ዝርከቡን፡ ውዳቤታትን ስነጥበባውያንን ግዱሳት ሃገራውያንን ልዑል ክብርን ምስጋናን ኣቕረበ።

ስዒቡ ወኪል ህዝባዊን ኮምውን ጉዳያት ኢምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ፈስቲቫልና : ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻኢን ብዉዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን ሓጺናዊ ሓድነትን ኣብ መዋእለ ሰላም ምጽምባሉን፡ ንኹሉ ብድሆታት ሰጊርናን፡ ንንግዳማዊ ሸርሒ ተጻባእቲ ኣላሽ ኣቢልናን በቲ በሊሕን ተባዕን ዘይጸዓድ ስጡም ሓድነት ዝወነነ ህዝብን መንግስቲን ኤርትራ ! ሓያል፡ ኣብነታዊትን : ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ብድሆታት ዘይትምብርከኽ ሃገር ምዃና ደጊምና ዘረጋገጽናሉ ብምኻኑ ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫልና ፍሉይነቱ ኣዝዩ ዕዙዝ'ዩ ክበል ንኒጋድያን ፌስቲቫል ኤርትራ ጀርመን ሰፊሕ መደረ ኣቕረበ።

መደብ ብህጻናትን መንእሰያትን ዝቐረበ ናይ 9ተ ብሄራት ባህላዊ መደብን ስዒቡ ምኽፋት ሻምፓንያን ምቑራስ ሕብስትን : ካብ ኤርትራ ዝምጹ ጉጅለ ባህሊ ዋላታን ብ ERIBAND ዝተሰነዩ ህቡባት ስነ/ጥበባውያን ካብ ጀርመን : ጣዕሚ ዜማ ዘለዎ ባህላዊን ዘመናዊን ደርፍታትን ሙዚቃን ብምእንጋድን ውዕዉዕ ባህላዊን ሃገራዊ ንግደትን ምስ ሰፊሕ እንግዶት ሃማደኤ ጀርመን ንውዳቤታትን ንምዝንጋዕ መደብ ክሳብ ሰዓት 03.00 ወጋሕታ ቀጸለ።

ቀዳም ዕለት 13.07.2019 ኣብ ኩሉ ኣዳራሻት ፌስትቫል ዝተፈላለፍዩ ንጥፈታት እናተኻየዱ ኣብ ኣዳራሽ ሳሕል ድማ በቶም ካብ ኤርትራን ዝምጹ ጉጅለ ባህሊ ዋልታን ካብ ጀርመን ድማ ብERIBANDን ዝተሰነዩ ህቡባት ስነ/ጥበባውያን ዝተፈላለየ ጣዕሚ ዜማ ዘለዎ ባህላዊን ዘመናዊን ደርፍታትን ፥ ኣብ ቁሸት ሕጻናት ብዝተፈላላየ ዕድመ ዘለዎም መንእሰያት ኣዕለቕሊቑ፡ ብባህልውን ሃገራውን ዝተፈላላዩ ዘመን ኣምጽኦ መንዘናግዒታት ብምውሳእ፡ ንጥፈታት ሕጻናት ንህጻናትን ንነኣሸቱ መንእሰያትን ተዳልዩ ዝነበረ፡ ንህጻናት ሕውነትን ፍቅርን ዕርክነትን ምስ መዛኑኦም፡ ብጻወታ ባህላውን ሕብረተሰባዊን ኣፍልጥኦም ንሃገራዊ ቅኒት ዘዕምቕ መልእኽቲ ዝቐስምሉ መደባት ብምዃኑ ነቶም ቆልዑትን ወለዶምን ዘሕጉስ እዩ ኔሩ።

ቀዳም ኣብ ኣዳራሽ መንእሰያት ኣገዳሲ ኣስተምህሮ ብኣቶ ሙሴ ኣብርሃ „መስርሕ ምህናጽ ሃገር ኤርትራ“ ብዝብል መጽናዕታዊ ጽሑፍ ኣብ ኣዳራሽ መንእሰያት ቀረበ። እዚ ዳማ 1ይ መድረኽ ካብ ጊዜ ጥልያን 1890 ክሳብ 1991 ፡ 2ይ መድረኽ 1991 ክሳብ ሕጂ ኤርትራ ሃገር ንኽትከውን ዝሓለፈቶ መኸተ ምስቲ ኹሉ ተጓነፈ ጽገማት ፡ ብልጽግቲን ምዕብልቲን ሕብርቲ ሃገርን ክንውንን ንሓባራዊ ረብሓ፡ ሃገራዊ ቁጠባዊ ዓቕሚና ከነብርኽ ከምዘሎና ሰፊሕ ሰሚናር ብንመንእሰያትን ዓበይትን ዓቢ ኣድናቖት ዝረኸበ ዝተዋህበ እዩ ኔሩ።

መደብ እንግዶት ወጻእተኛታት መሓዙት ኤርትራ ዘሳተፈ ኣብዚ መደብ እዚ ንዝተፈላለያ ጀርመናውያን ውድባትን ካልኦት ኣገደስቲ ዕዱማትን ዘሳተፈ ኮይኑ ፡ ኣገደስቲ ኣዕሩኽን ኣጋይሽን ካብ ብዙሕ ሴክተራት ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ዝተሳተፍዎ መደብ ዝተሳተፉሉ ፡ ንምጥቃሱ ዝኣክል ኣብ ፖለቲካ፡ ኣብ ማሕበራዊ መዳያት ከም ኣብ ትምህርትን ሕክምናን፡ ኣብ ባህላዊ ኣብ ሙዚቃን ትያትርን፡ ጸሓፍትን ናይ ሚድያ ሰባትን ጋዜጠኛታትን ዘጠቓለለ ኢዩ ነይሩ። ከም ወትሩ እንግዶት ኣጋይሽና ኣብቲ ምዕሩግን ዉቁብን ኣዳራሽ ሃማደኤ ጀርመን ኮይኑ ፡ ብሃገራዊ ኣልባሳት ዝገረማ ብጾት ብምስላፍን ጽፉፍን ምኡዝን ዝትሕዝትኡ ባህላዊ መግብን መደብ ቡንን ብምውዳብ ነቲ ናይ ኣጋይሽ መደባትና ብዘሕብን ስርዓት እዩ ተኻይዱ። ተሳተፍቲ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ነንሕድሕዶም ብቐረባ ከላለዩን ኣብ ኤርትራ ሒዞም ዘለዉ ፕሮጀክትታትን መጻኢ መደባቶምን ብምልዓል ናይ ተመክሮ ምልውዋጥ ዘጣመረ ኣጋጣሚ ኢዩ ነይሩ። ብጀካ እዚ ናይ ቡን ስነ/ስርዓት እውን ናቱ ፍሉይ መቐረትን ጦብላሕታን ኣብ ልዕሊ መሓዙት ኣሕዲሩ። ድሕሪ ናይ ምሳሕ እንግዶትን ናይ ሓባራዊ ዕላልን መደብ፡ ኩሎም ተሳተፍቲ በብጉጅለ ንሙሉእ ኣዳራሻት ፌስቲቫል ከምዝዕዘብዎ ተገይሩ።ኣብዚ ዕለት ማሕበር ኤርትራያንን ጀርመናውያንን (German-Eritrean association ) ኣብ ህሉው ምዕባለን ሰላምን ኤርትራን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዘቶኮረ ሰፊሕ ዝኾነ ዓውድ ዘተ ብቛንቋ ጀርመን ተኻየደ።

ድሕሪ እዚ ኣብ ኣዳራሽ ሳሕል ዝቐጸለ መደብ ምስማዕ ቃል ምሕዝነት ኮይኑ፡ ንኩሉ ተሳታፊ ፌስቲቫል ዝቐረበ ኢዩ። ላዕለዋይ ወኪል መንግስቲ ኤርትራ ፡ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ክቡር ኣቶ ሓጎስ ገብርሂወት ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱን ተረኺቦም ኔሮም። ብዝተሓንጸጸ መደብ መሰረት ኣቶ ተኽሉ ለባሲ ሓላፊ ህዝባዊ ዲፕሎማስን ሚድያን ሓበሬታ ብዛዕባ ኣመዓብብላን ዕላማን ተልእኾን ፌስቲቫል ምስ ተወሃበ ኣገደስቲ መሓዙት ማሕበራትን ኣገደስቲ ውልቀሰባትን ብዝተመደበሎም ግዜ መሰረት ቃል ምሕዝነት ኣስሚዖም።

ስዒቡ ዶር ተስፉይ ዓብለሎም ኣቦ/መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን መጽናዕታዊ ጽሑፍ ፡ 1) መረዳእታ፤ ተልእኮን ቅርጺ ሃገራዊ ሽማግለ ኣብ ሃ/ጀርመን ፡ 2) ዓንዲ ሕጊን ፡ ኣሰራርሓን ሃገራዊ ሽማግለን ፡ 3) ናይ ቀረባን ርሑቕን ዕላማታት ሃ/ሽ/ ሓፈሻዊ ገመጋምን ንጥፈታት ሃገራዊ ሽማግለ ኣብ ከተማታትን ተሳታፍነትን ዘቶከረ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕረበ። ከምቲ መምርሕን ሕግን መንግስትን ግንባርን ዝጠልቦ፡ ከም ብራብዓይ ግንባር መጠን: ኩሎም ውዳቤታትን ማሕበራትን ብሃገራዊ ሽማግለ ተጠርኒፎም ሃገራዊ ዕምማቶም ከሕይሉ ተለበወ።

ብERIBAND ጉጅለ ጽንዓት ዝተሰነየትን ጽንዓትና እትብል መዝሙር ብድሕሪ ምዝማር ፡ ክለተ ኣገደስቲ ሰሚናር ንህዝቢ ቀረቡ።

1ይ ሰሚናር ፥ ኣብ ህሉው ኩነትታት ሃገር ዘቶኮረ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰሚናር ብላዕለዋይ ልኡኽ ሃገረ ኤርትራ ሚኒስትር ወጻኢ ጉዳያት ሚኒስተር ሳልሕ ዑስማን ብዕለት 13.07.2019 ኣብ ቀጽሪ ፊስትቫል ኤርትራ ኣብ ሃገረ ጀርመን ተቓኒዑ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ኣብ ዘካየዶ ሰሚናር፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሓያል ቃልሲን መኸተን ንዝሰዓሮም ተጻብኦታት ፡ ገሲጋስ ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ ዞባና ፈጢርዎ ዘሎ ትስፉው ናይ ምትሕግጋዝ መድረኽን፡ ዝምድና ኤርትራ ምስ ጐረባብታን ኪንዮኡን፡ ቀዳምነታት ሃገራዊ መደባት ልምዓትን ተራ ዜጋታትን፡ ተራ ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኣብዚ ተኣትዩ ዘሎ ሓድሽ መድረኽ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዞባና ዝርአ ዘሎ ምዕባለታትን ኣመታቱን ዝምልከት ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕን ኣብ ዘቕረቦ መግለጺ ፡ ብምዕራባውያን ሃገራት ዝተሃንደሰ ን20 ዓመት ዝኸደ ሓያል ተጻብኦ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ መኪትና ስዒርናዮ። ን9ተ ዓመት ዝወሰደ ዘይፍትሓዊ እገዳ ኣብ ልዕሌና ዘውረድዎ ሃሰያ ቀሊል ኣይነበረን እንተኾነ ግን ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ካብ ዕላማና ፈልከት ከይበልና ሰንና ነኺስና ብጽንዓት ስዒርናዮ ኢና ።

ብምቕጻል ክቡር ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣብ መግለጺኡ ሸርሒ ወያኔን ምዕራባውያንን ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንኽጠፍእ ዘወልዕዎ ሓዊ : ምስላጥ ምስ ኣበዮም : ንፍልሰት መንእሰያት ደይ መደይ ኢሎም ብውጥን ተተሓሓዙዎ፡ መንእሰያትና ኣብ ፈቐዶ ቦታ ኣደዳ ስቓይን ሞትን ከም ዝወድቁ ጌረሞም እዮም። ሕጂ'ውን ህዝቢን መንግስትን ሃገረ ኤርትራ ንምብርካኽን ሓድነቱ ንብትታንን ዝግበር ድያብሎሳዊ ፈተነታትን ሰብኣዊ መሰላልት እንዳበሉ ዘቕርብዮ ዘለው ጠቐነታትን ክስታትን ዳርጋ ስዒርናዮ እኳ ኢንተኾና ፡ ተሪፉና ዘሎ ቁሩብ ቀ'ራቦ እዚ ኣብ ደገ ዘሎ ኤርትራዊ ኩሉ ኤምባሲ ሃገር እዩ ዓቕሙ ስለ ዝኸነ ድማ ባዕሉ ክምክቶ' ምኳኑ ኣይንጠራጠርን ክብል ገሊጹ፡

ጉዳይ ዶብ ተሓንጺጹ እዩ ኩሉ ውዕላትን ስምምዓትን ኣብ ቅድሚ መሰኻኽር ብዘየጠራጥር ተኸቲሙ'ዩ ተውዲኡ እዩ ። ተሪፉና ዘሎ ህንጸት ሃገር'ዩ። ህንጸት ሃገር ቀሊል ኣይኮነን ምኽንያቱ ተጻብኦታት ከየምከንካ ከምቲ ዝድለ ህንጸት ሃገር ከተካይድ ከቢድ እዩ። ይኹንደኣ'ምበር መንግስቲ ኤርትራ ብመደብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ክቡር ሚኒስተር ሳልሕ ኣብ መግለጺኡ ሰፊሕ ሓብሬታ ሂቡ።

ኣብ ኤርትራ ናብራ ክመሓየሽ ዝኽእል ስራሕ ክንፈጥር ኣሎና ነዚ ድማ ዓቕሚ ሰብ ክምዕብል ስለ ዘለዎ ንሰርሓሉ ኣሎና። ከም ኣብነት ኣብ ኩሉ ኮለጃት ዓቕሚ ሰብና ዝምዕብለሉ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ሓበረ። ኣብ ስደት ዘሎ መንእሰይ ድማ ተመሂሩ ምያ ቀሲሙ ሃገሩ ከማዕብል ዓቢ ትጽቢት ከምዝግበረሉ ገለጸ።

መራኸቢታት ንሃንጽ ኣሎና ብፍላይ ናብ ኢትዮጵያ ዝወስዱ መንገድታት ንምግፍሖም ተወዲኡኳ እንተ ዘይበልና እቲ ዕማም ተጀሚሩ ኣሎ፡ ምህናጽ መንገዲ ባቡር ዓሰብ ባጽዕን ንምጅማሩ ኣብ መደብ ኣትዩ ኣሎ። ካልኦት ቦታታትን ንምስራሕ ኣብ ውጥን ኣሎ። ልዕሊ 600-700 ሚሊዮን ኩብሜተር ማይ ከዚና ኣሎና ጌና ናይ ኽዝን መስርሕ ክንቅጽሎ ክብል ገሊጹ።

ምዕጻው ዶባት ኣልዒሉ ሰፍሕ ዝበለ መግለጺ ሂቡ እቲ መሳለጥያታት ምስ ተወድአ ብሕጋዊ መስርሕ ክኽፈት ምኳኑ ገሊጹ። ብፍላይ ቁጠባና ክምዕብል ኣሎዎ ዝብል ሕቶታት ቀሪቡሉ ሚኒስተር ዑስማን ሒዝናዮ ኣሎና ኣብዚ ቀረባ እዋን ክትግበር ምኳኑ ቃል ኣትዩ።

መንግስቲ ኤርትራ ናይ ነዊሕ ጠመተ ዘለዎ፡ ንረብሓታት ህዝቢን ሃገረ ኤርትራ ፡ ንውሑስን ጽኑዕን ዕድላት ህልውን መጻኢን ትውልዲን እዩ ንኹሉ ምስ ኢትዮጵያ ይኹን ምስ ካልኦት ሃገራትን ዝካየድ ውሳኔታትን ውዕላትን ዓቕምን ግዜን ኣብ ግምት ብምእታው ዘተግብርን ዝፍጽምን ደኣ እምበር ካልኦት ሃገራት ወይ መራሕተን : ዘሎን ዘየለን ፡ ክውንን ዘይክውንን ጸብጻብ ንዝዝርጋሐ ምህውታት ወይስ መልሲ ክህብ ትርጉም ስለ ዘየብሉ፡ እዩ። ኢቲ ግብራዊ ዝኾነ ህዝቢ ክፈልጦ ዘለዎ ግን ኩሉ ግዜ ይሕበር'ዩ፡ ስለዚ ኣብዚ ዘየድሊን ሓድነንትና ሰላማናን ንምዝራግ ዝዃማዳሕ ወረታት ትርጉም ከምዘይብሉ ብድሕሪ ምብራህ ፡ ሚንስተር ዑስማን ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝርከብ ህዝቢ፡ ከም ወትሩ ንስጡም ሓድነትና ኣሕይልናን ኩሉ ብጸላእትን ተጻባእትን ንዝካየዱ ዘለው እከይ ተንኮላትን ውዲታትን ንምብዳህ ከምውትሩ ከይተዛነና ድልዋት ንኹን ጉዕዞ ህንጸት ሃገርን ምድንፋዕ፡ ተሳትፎ ኩለን ሃገራውያን ውዳቤታትን ናይ ነፍስወከፍ ዜጋታትን ክዓዝዝን ሓላፍነት ምኳኑ ኣስመረሉ። ንዘይበርህ ብሕቶን መልሲን መግለጺ ድሕሪ ምሃብ መደብ ሰሚናር ተዛዚሙ።

2ይ ሰሚናር ድማ ኣብ ሰፊሕ ሰሚናር "ቀኑጠባዊ ኣንፈታትን መጻኢ ዕድላት ዕዮን ኣብ ኤርትራ" ዘቶኮረ ብሓላፊ ቀኑጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት እዩ ኔሩ።

ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ደሞክራስን ፍትሕን ክቡር ኣቶ ሓጎስ ገብርሂወት ኣብ ህሉው መጻኢን ቀኑጠባዊ ኣንፈታትን መጻኢ ዕድላት ዕዮን ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝብል ዛዕባ ዘቶኮረ ፡ ብዕለት 13.07.2019 ንተሳተፍቲ ፌስትቫል ኤርትራ ጀርመን ሰፊሕ ሰሚናር ኣካዪዱ።

ኤርትራ እትኸተሎ ቀኑጠባዊ ስርዓት፡ ብቐንዱ ኣህላኸነት ዘወግድን ኣፍራይነት ዘኻዕብትን ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ሓጎስ፡ ሕርሻዊ ንጥፈት ኣብ ሃገርና ብዝለዓለ ሚእታዊት ኣብ ሕብረተ/ሰብ ስለ ዝውክል፡ ነዚ ጽላት'ዚ ዘደንፍዕ ትሕተ-ቅርጻዊ መሳለጥያታት ካብ'ቶም ቀንዲ ኣተኩሮ ዝወሃቦም ምዃኑ ብምብራህ፡ ኣብ ጽላት ዕደና ጥራይ ካብ ዝምርኰስ ቀኑጠባ ተገላጊልና፡ ኣገልግሎታት ዘሰፍሐ ንጥፈት ንምትእትታው ዝዓለመ ሜላ ምኽታል እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣቶ ሓጎስ ኣብ መግለጺኡ ወፍሪ ክበሃል እንከሎ ቀዳምነት ኣዋፈርቲ ኤርትራውያን ክኾኑ ኣለዎም፡ እዚ ምስዘይከኣል ግን ምስ መሻርኽቲ ወጻእተኛታት እንተኾነ'ውን ጽግም ከምዘይብሉ ኣብሪሁ። እቲ ዝግበር ወፍሪ ንእቶት ወጻኢ ሸርፊ ዘኻዕብት ክኸውን ኣለዎ። ወፍርናን ወጻኢ ሸርፊ ዘኻዕብት ክኸውን ኣለዎ። ብባንኪ እንልኮምን ሓዋላን ከነመሓይሾም ጻዕርታት ይካየድኣሎ፡ ምዕቡል ኣጠቓቕማ ባንክ ናይ ሞቢልን ካርድን ካሽን ምትእትታው መደባት ተታሒዞ ኣሎ።

ጸጋታት ዓቕሚ-ሰብካ ብዝግባእ ኣሰልጢንካን ወዲብካን ኣብምዕባለ ሃገር ድርኺት ምፍጣር፡ ብዓቢ ኣድህቦ ዝሰራሓሉ ምዃኑ ብምጥቃስ ድማ፡ ሃገራውያን ትካላትናን ከኢላዊ ዓቕሚ-ሰብናንን ምምዕባል፡ጎኒ-ጎኒ'ቲ ብወጻእተኛታት ኩባንያታትን ውልቀ-ሰባትን ዝዕመም ንጥፈታት፡ተመኩሮን ክእለትን ዝቐስሙሉ ሜላታት ንምፍጣር ከምዝሰራሓሉ፡ እዚ ከኣ ውሽጣዊ ዓቕምና ንምምዕባል ዝዓለመ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣብ ሃገርና ኢምፖርት ኣክስፖርት ስም ጥራይ ሒዞ ክኸይድ ጸኒሑ። ምኽንያቱ እቶም ልቻንሳ ዝጽንሖም ኣምጻእቲ እምበር ለኣኽቲ ኣይነበሩን ፡ እምፖርትን ኤክስፖርትን ተመጣጣኒ ምስዘይከውን ማህሰይቲ ኣለዎ። ኣብ ሃገር ንዝኣቱ ንብረት እምበር ንሰደድ ዝቐንዐ ምህርቲ ኣይጸንሓናን። እዚ እንተኾይኑ ድማ ሃስያ ናይ ባጤራ ሃገር የስዕብ'ዩ። ናይ ወጻኢ ሸርፊ ዘየጉድል ወፍሪ ረብሓ የብሉን፡ ቀጠባና ንምዕባይን ንምሕዋይን ንቃለስ ኣሎና፡ ስለዚ ብዙሕ መስዋእቲ ከይከፈልካ ዝመጽእ ናይ ቀኑጠባ ዕብየት የለን። ናይ ኣባይቲ ጸገም ንምፍታሕ ይጸዓረሉ ኣሎ ፡ እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ኣባይቲ ብቕልጡፍ ንኽዛዘም ኣንፈት ሒዞ ከምዘሎ ዝገለጸ ኣቶ ሓጎስ ገብርሂወት፡ ብምቕጻል ረብሓን መሰልን ሰራሕተኛ ምስ ኣፍራይነት ቀጥታዊ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ብምግላጽ ድማ፡ ሰራሕተኛታት ረብሓኦም ንምዕባለ ሃገሮምን ንምርግጋጽ፡ ኣፍራይነት ኣብ ምድንፋዕ ከተኩሩ ኣዘኻኺሩ።
ኣቶ ሓጎስ ኣብ መወዳእታ፡ ንኣፍራይነት ብቐጥታ ንዝጸልው – ቀረብ ጥረ-ነገራት፡ ስሉጥን ጽፉፍን ምምሕዳራዊ ኣገልግሎታት፡ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ኣወዳድባኡን፡ ምምዝማዝ ቱሪዝማዊ ጸጋታት፡ ተጠቃምነትን ምሕደራን ዝዋደዱ ዘለው ትሕተ-ቅርጺታትን ካልኦትን ብዝምልከት፡ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረቡሉ ሕቶታት ሰፊሕ መብርሂታት ብድሕሪ ምሃብ ፥ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ቁጠባዊ ንቕሓቱን መኸተኡን ብምሕያል ኣብ ወፍሪ ሃገራዊ ቁጣባን ልምዓትን ዓቕሚን ተሳትፍኡ ከዕቢ ደጊሙ ኣዘኻኺሩ።
ኣብ ሰዓቱ ድማ ኣብዚ ዓመት እዚ ኣብ መልቀቒ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ዝተዓወቱ: ላዕላዋይን ሞያዊ ትምህርትን ዝዛዘሙን ካብ ኢድ ሚኒስተር ሳልሕ ዑስማን ፥ ኣቶ ሓጎስ ገብርሂወት ምስክር ወረቐት ብኽብሪ ትመረቑ። ብድሕሪዚ ወጋሕ ትበል ለይቲ ኣብ ናይ መንእሰያት ባህላውን ዘመናውን ትልሂት ብDJ Mosse ን DJ Yoni ኣብ ኣደራሽ መንእያት ፡ ከሙ'ውን ኣብ ኣዳራሽ ሳሕል በቶም ወናማት ሰነ ጥበባውያን ህቡብ ዝኾነ ናይ መዘናግዒ መደብ ክሳብ ሰዓት 5:00 ተኻይዱ።

ሰንበት ዕለት 14.07.2019 ፡ ኣብ ሰዓቱ ድማ ኣብ ውድድር ስነ ጽሑፍ: ናይ 2019 ፌስቲቫልና 9 ዝኸውን ጽሑፋት ንውድድር ቀሪቡ ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ፍልይ ዘብሎ ; ኣብ ውድድር ስነ/ጽሑፍ ምቕራብን እዩ ፡ ሰለስተ ዕዉታት ኮይኖም ሽልማት ካብ ዮውሃንስ ወልዱ ፡ ምስክር ወረቐት ተቐቢሎም።

ቀጺሉ ኣብ ኣገደሲ ዛዕባ ፡ „ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ኣብ ዘመነ ዓውለማ“ ፡ ዝብል መንእሰያትን ወለድን ተሳተፍዎ ሰሓቢን እዋናን ዓውደ ዘተ ተኻይዱ። እዚ ዓውደ ዘተ ብኣቶ የውሃንስ ርእሶም፥ ኣቶ ተኽሉ ለበሲን ኣቶ ስፉፍ ኣደምን ተምእከለ ሓበራዊ ዘተ ፡ ኣብ ኣመጻጽኣን ምፍጣርን ሃገራዊ መንነትን ዝነብረን ዘሎን ብድሆታት በቲ ሓደ ሸነኽ፡ በቲ ኻልእ ከኣ ሃ/ኤርትራ ኣብ ምህናጽ ሓያል ሃገራዊ መንነት ዘለላሰለቶ ሃናጺ ንጥፈታት ብተወሳኺ ውን ኣብ ጀርመን ሃገራዊ መንነት ኣብ ህጻናት ከይተረፈ ንምስራጽ ውዳቤታት ስድራቤታት ውልቀ ዜጋታት ዘካየድዎን ዘካይድዎን ዘለዉን ሓያል ጎድንንታቱ ከምዝጎልሕ ዝያዳ ኣድማዒ ንኽኸውን ክውሰዱ ዘለዎም ሮቓሒታትን ብሰፊሑ ተዘትዩሉ።

ኣብ ኩሉ ኣዳራሻት ፈስትቫል ተፈላለፍቲ ንጥፈታት ኣገልግሎትን እናተኻየዱ ኣብ ኣዳራሽ ሳሕል ብጉጅለ ባህሊ ዋልታን ብERIBANDን ዝተሰነዩ ህቡባት ስነ/ጥበባውያን ድሙቕ መደብ ባህሊ እናተኻየደ ፡ ዝተፈላለየ ጣዕሚ ዜማ ዘለዎ ባህላዊን ዘመናዊን ደርፍታትን ቀረቡ።

ሃማደኤ ጨንፈር ጀርመን እተን ቀትርን ለይትን ከይተሓላለ ብተወፋይነትን ዓቢ ጻዕርን ኣብ ጎኒ ኣወሀሃዲት ሽማግለ ፈስቲቫል ኮይነን ናይ ሰለስተ መዓልቲ ሰፍሕ ናይ ምግብና ኣገልግሎትን ፡በቲ ናይ ሓቂ መርኣያ ባህላዊ ክብረታት ኤርትራ ብዘንጸባርቕ ኣገባብን ስርዓትን ንዝብርከት ሰፊሕ ኣገልግሎት ብኒጋዶ ፈስትቫል ዓቢ ኣድናቖት ዘትረፈን ዘሕብንን ኔሩ ። ብፍላይ ድሮ ብዓል ብርቱዕ ማይ ወቒዑ ዳስ ሃማደኤ ብማይ ኣዕለቕሊቑ ፍርቂ እግረን ኣብ ማይ ተዋሒጡ ከነሱ ፡ ከይዓጀበን ብጽንዓት ብሓልዮትን ዕላምኤን ብኩሉ እንትና ንፌስትቫል ንምዕዋት ስለዝነበረ ፡ ብተወፋይነት መደባተን ብምፍጻመን ፡ እንግዶት ምግብና ፌስትቫል ኤርትራ ጀርመን ወሑስን ዕዉት ኔሩ።፡በቲ ናይ ሓቂ መርኣያ ባህላዊ ክብረታት ኤርትራ ብዘንጸባርቕ ኣገባብን ስርዓትን ንዝብርከት ሰፊሕ ኣገልግሎት ብኒጋዶ ፈስትቫል ዓቢ ኣድናቖት ዘትረፈን ዘሕብንን ንጥፈታት ሃማደኤ እዩ።

ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ጊሰንን ከተማ ማንሃይምንን ካይተርስላተርን ዕዉት ኣገልግሎት ቀረብ ኣበርኪታ። መሸጠ ሜስ ብማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላት ፍራንክፎርትን ከባቢኡን ፡ ናይ ግርል (Grill) መሸጣ ኣታዊኡ ንEHD (ማሕበር ረዲኤት ኤርትራ) ፥ ከም ኡውን ብዙሓት ናይ ሃገራዊ ፍርያት ዘፈልጡን ዝንግዱን ውልቀ ሰባትን ተሳቲፎም ቀንዮም። ኣብ ጀርመን ዝርከቡ ጉጅለ ባህሊ መንእሰያት ኣሪ ባንድን ካብ ኤርትራ ዝመጸት ጉጀለ ባህሊ ዋልታን እንዳ ተበራረዩ ብምትላህ DJ Mosse ን DJ Yoni ብዲስኮ ንመንእሰያት ብምዝንጋዕ ንሃዋህው ፌስትቫል ዓቢ ድምቀትሃብዎ።

ናይ ሰለስተ መዓልቲት ትሕዝቶ ፈስቲቫልና፡ዝተፈላለዩ ናይ ዓበይትን መንእሰያትን ሰሚናራትን ኣስተምህሮን፡ ምምራቕ ዕዉታት ተማሃሮ፡ሰፊሕ መደብ መንእሰያት፡ መደብ ምስ ወጻእተኛታት መሓዙት ኤርትራ፡ዝተፈላለዩ ስነ/ጥበባት፡ባህላውን ዘመናውን ትልሂት: ብውሽጢ ሃገርን ጀርመንን ዝመጹ ወናማት ድምጻውያን ሙዝቀኛታትን፡ መደብ ተመሃሮ ቋንቋ ኣደን ቁሸት ህጻናትን፡ መንእሰያትን ከምኡ'ውን ብወሓላሉን መትከላውያን ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ደቀ ኣንስትዮ ኤርትራ ሰፊሕ ናይ ምግብና እንግዶት: ብሃገራዊ ሽማግለ ከተማታት ጀርመንን ውዳቤታትን ብግዱሳት ዜጋታትን ንልዕሊ 3000 ንተሰፍቲ ፈስትቫልን ንፍሉያትን ወጻእትኛታት ኣጋይሽን ሕጻናትን ፍሉይ ዝገብሮ ብዝሒ መንእሰያት ዘሳተፈ ፈትስቫል ኤርትራ ጀርመን ናይ ሰለስተ መዓልቲ ዕዉት ዝኾኑ ንጥፈታት ብድሕሪ ምስልሳል ፡ ፌስቲቫል ኤርትራ ኣብ ሃገረ ጀርመን ካብ ዕለት 12.07.2019 ክሳብ 14.07.2019 ኣብ ከተማ ጊሰን ብዓቢ ድምቀትን ውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስን ብዓወት ተዛዚሙ።

” ጽንዓት ብጽንዓት፥ ንልምዓት"

ክብርን ምጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ